# ሠሉስን ዓርብን ዚሕሰብ፡ናይ ሕማም ምሥጢር።

ቀዳማይ	መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ኣብ ጌተሰማኒ ብጸሎት ደም ከምዝረሃጸ የተሓሳስበና።
*«ቍሩብ ርሕቕ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ፡ኦ!ኣቦይ እዚ ዚከኣል እንተኾይኑስ እዛ ናይ መከራ ጽቃዕ ካባይ ትሕለፍ፣እንተኾነ ከምፍቃድካ ደኣምበር ከም ፍቓደይ ኣይኹን በለ»(ማቴ.26፡39-)*

ካልኣይ	መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ብዘይ ምሕረት ከምዝተገርፈ የተሓሳስበና።
*ጲላጦስ ከኣ ነቶም ሕዝቢ ኪሓጕሶም ስለ ዝመደበ...ንኢየሱስ ኪሰቕልዎ ገሪፉ ሃቦም።(ማር.15፡15)*

ሳልሳይ	መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣኽሊል እሾኽ ከምዝደፍኡሉ የተሓሳስበና።
*ክዳኑ ገፊፎም ቀይሕ ባርኖስ ከደንዎ።ካብ እሾኽ ኣኽሊል ተቲዮም ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ።(ማቴ.27፡28-)*

ራብዓይ	መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ንሞት ከምዝተፈርደ የተሓሳስበና።
*ንሳቶም...ኪስቀል ለመኑዎ...ጲላጦስ ድማ ልመናኦም ኪፍጸመሎም ፈረደ።...ከምድላዮም ኪገብርዎ ኣሕሊፉ ሃቦም።(ሉቃ.23፡23-25)*

ኃምሳይ	መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ኣብ ዕንጸይቲ መስቀል ተሸንኪሩ ከምዚሞተ የተሓሳስበና።
*መስቀሉ ጸዊሩ ናብቲ...ጐልጐልታ ዚብልዎ ስፍራ ወጽአ። ኣብኡውን ክልተ ካልኦት...ሰቐሉ፡ኢየሱስ ከኣ ኣብ ማእከሎም ሰቐልዎ። (ዮሓ.19፡17-18)*